ምልክታ.ኮም

ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ቤት ፅሕፈት ፕሬዚዳንት ዳይሬክተር ዕደጋን ፋይናንሰን ንብረት ምምሕዳር ንቤት ፅሕፈት ርእሰ ምምሕዳር ን ካቢኔ ሴክሬታርያት ዳግመ ህንፀትን እግሪ ምትካልን ዝውዕል ናይ መኪና ለዋወጢ ብፕሮፎርማ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሕዳር 10, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሕዳር 12, 2017 10:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ ሕዳር 13, 2017 02:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/

ቑ/ፕሮ-19

ቑፅሪ ዕክንም730/2-3/1/01

ዕለት-10/03/17ዓ/ም

ምልክታ ፕሮፎርማ

ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ቤት ፅሕፈት ፕሬዚዳንት ዳይሬክተር ዕደጋን ፋይናንሰን ንብረት ምምሕዳር ንቤት ፅሕፈት ርእሰ ምምሕዳር ን ካቢኔ ሴክሬታርያት ዳግመ ህንፀትን እግሪ ምትካልን ዝውዕል ናይ መኪና ለዋወጢ ብፕሮፎርማ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

ስለዚ ኣብዚ ክትወዳደሩ እትደልዩ ነጋዶ በቲ ንግዲ ዘርፊ ዝሓቶ መሰረት

1. ናይ ዘበኑ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን ናይ መቕረብቲ ዝተመዝገብኩምሉ መረጋገፂ ቲን ናምበር ሰለሰቲኡ ፎቶ ኮፒ ምስ ተቕርብዎ ናይ ዋጋ መግለፂ ብምትሕሓዝ ብፓስታ ኣቪኩም ንዕለት 12/03/17ዓ.ም ሰዓት 10:30 ናብ ቑፅሪ ክፍሊ 3-18 ምቕራብ ይግባእ:: ዝቐረበ ፕሮፎርማ ዕለት

13/03/17ዓ.ም ሳዓት 02:30 ዝኸፈት ምኧኑ ንገልፅ::

2. እቲ ዝቐርብ ኣቅሓ በቲ ዝተጠቀሰ ስፐስፊከሽን መሰረትን ኦርጅናልን ክኸውን ኣለዎ

3. ካብ ዝቐረቡ ተወዳደርቲ ሰዓራይ ምስተነፀረ ኣብ ውሽጢ 3' ተካታታሊ መዓልቲታት ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት ከቅርብ ዝክእል

4. ኣብቲ ዝተጠቀሰ ግዜ ውሽጢ ክተረክቡ ትኽእሉ ምኻንኩም አረጋጊፅኩም ክትመልኡ ይግባእ ሳዓራይ ምስተበሃለ ዘየቅርብ ዋጋ መሊኡ ዘቅረበ ትካል አብዚ ቤት ዕዮ ንዘጋጥም ምጉልእላእ ተሓታቲ ይኸዉን

5. አብ ዘይምልከቶ ዘርፊ ንግዲ ዋጋ መሊኡ ዘቅረበ ካብ ዉድድር ወፃኢ ይግበር
6. ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ምልክታ ፕሮፎርማ ካብ ዝተከፈተሉ መዓልቲ ጀሚሩ ን7 ስራሕ መዓልታት ጥራሕ ይከውን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

7. እቲ ጊዚያዊ ቤት ፅሕፈት ዳ/ዐ/ፋይ/ንብ/ምም/ር/ ኣብ ዘውፅኦ በዝሒ ምቕናስ ውይ ምውሳኽ ከምኡ 'ውን ብሙሉእ ወይ ብኽፋል እቲ ፕሮፎርማ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

8. ንዝድለ ሓበሬታ ብአካል ወይ ብሰልኪ ቑፅሪ 0344-406451/0914732577 ምሕታት ይካአል

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle